# ሓበሬታታት ብዛዕባ ትጽቢት ግዜ ቃለመሕተት ንሓተቲ ዑቕባ ዝምልከት

**ንቃለመሓትት ክትጽዋዕ ዘሎ ናይ ምጽባይ ግዜ ካብቲ ኣቐዲምና ሓቢርናዮ ዝነበርና ንውሕ ዝበለ ግዜ ንክወስደሉ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።**

ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛእታት (UDI) ብሰንኪ ኩነታት ኮሮና ካብ ዕለት 13 መጋቢት 2020 ኣትሒዙ ከም ንቡር ቃለመሕተት ክካይድ ኣይከኣለን ጸኒሑ። እቶም ንክነካይዶም መዲብናዮም ዝነበርና ቃለመሕተታት ቅር እናበለና ክነወንዝፎም ተገዲድና ኣለና። ብወገና ኣይትሓዙልና ንብል።

ቃለመሕተታት ብስካይፕ/ብSkype ክነካይዶ ኢና፡ በብቑሩብ ድማ ንቃለመሕተት ክንጽውዕ ክንጅምር ኢና። ማዕረማዕሪኡ ከኣ ንመነመን መዓስ ንቃለመሕተት ክንጽውዕ ከም እንኽእል ብዝብል ሓደ ውጥን ንምንዳፍ ንሰርሕ ኣለና። ኣብቲ ዝተወደአ ንድፊ ውጥን ተሞርኵስና ኸኣ ኢና ንውሒ ናይ ትጽቢት ግዜ ክንደይ ክኸውን ከም ዝኽእል ክንሕብር ንኽእል።

ቅድሚ ሕጂ ከም ዝሓበርናዮ ኩሎም እቶም ንኖርወይ ቅድሚ ዓመተ 2020 ዝመጹኡ ኣብ ውሽጢ መወዳእታ ወርሒ ሰነ ቃለመሕተት ክካይዱ ኢዮም ዝብል ኢዩ ኔሩ፡ እቶም ኣብ ዓመተ 2020 ዝመጹኡ ኸኣ ኣብ ውሽጢ መወዳእታ ናይ ዓመተ 2020 ቃለመሕተት ክካይዱ ከም ምኧኖም ዝብል ኢዩ ኔሩ። ከምዚ እዚ ሕጂ ዘለናዮ ኩነታት ናይ ትጽቢት ግዜ ምናልባሽ ይናዋሕ ይኸውን ኢዩ። ክሳብ ክንደይ ክናዋሕ ከም ምኧኑ ግና ዛጊት ክንፈልጦ ኣይንኽእልን ኢና።

እቲ ናይ ትጽቢት ግዜ ክንደይ ከም ምኧኑ ብዝያዳ ክንፈልጦ ምስ ክኣልና ዝተሓደሰ ሓብሬታታት ክነስዕብ ኢና።

መጸዋዕታ ንቃለመሕተት ምስ ዝመጻካ በቶም ዘለኻዮም መዓስከር እዩ ዝሕበረካ።

**ብኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ቃለመሕተት ተኻዩድልካ ድዩ፧**

እቶም ድሮ ብኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ቃለመሕተት ዝተኻየደሎም ጉዳዮም ርኢና ንምውሳን ክንቕጽሎ ኢና። ብዙሓት ድማ ኣብ ውሽጢ ወርሒ ሓምለ 2020 መልሲ ክወሃቦም እዩ። ጉዳይካ ንውሕ ዝበለ ግዜ እንተ ወሲዱ፡ ተወሳኺ መጽናዕትታት ንከነካይድ ስለ ንግደድ እዩ። ምስናይ ይቕረታ ድማ እቲ ዝወስደሉ ዝኽእል ግዜ ክንድዚ እዩ ክንብሎ ኣይንኽእልን ኢና።

---